# ድሕነት

ንሰላም፣ ንደሞክራሲ፣ ንፍትሒ፣ ንማዕርነት፣ ንምዕባለ፣

ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ትዳሎ ክልተ ወርሓዊት መጽሄት
ወርሒ መስከረም - ጥቅምቲ 2010፣ 5ይ ዓመት ቁ.5

- ዓወት ንፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ!!
- ሓድነት መተካእታ ዘይብሉ እንኮ ምርጫ ዓወት'ዩ!!

# መልእኽቲ ድሕነት!

## ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ውጽኢታቱን ሓፈሻዊ ሚዛናትን

ንውጽኢት ኣብ ነሓሰ 2010 ዝተጋበአ "ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ"፡ ብደረጃ ውልቀ-ሰባት ይኹን ፖለቲካውያን ውድባት ከምኡ'ውን በርገሳውያን ማሕበራት፡ ብኣወንታ ክመዝንዎ ተገንዚብና ኢና። ገለ ውሑዳት ከኣ ብኣሉታ ዝመዝንዎ'ውን ኣይተሳእኑን።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ግሃድኤ) ካብ'ቶም ዝተኻፈሉን፡ ንውጽኢቱ ብኣዎንታ ዝመዘኑን ሸነኻት ይስራዕ። ብኣዎንታ መን ቅኑዕ ነይሩ መንከ ግጉይ ነይሩ ንዝብል ግን፡ ምስ ግዜ ድሒሩ ዝበርህ ምዃኑ ኢና ንኣምን። እዚ ኮይኑ እቲ፡ ግሃድኤ መርገጹን ሚዛኑን ንሓፋሽ ህዝብና ከብርህ ታሪኻውን ሓላፍነታውን ምዃኑ ስለ ዝርዳእ፡ ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ፖለቲካዊ መስርሕ ብወገንና ከመይ ነንብቦ ምግላጽ ኣድላይነቱ ልዑል ኮይኑ ይረኣየና።

ሓደ ዕላማ ንምርግጋጽ ዝጅምር ፖለቲካዊ መስርሕ ኣብ ዝዛዘመሉ፡ ውጽኢቱ ብዝተፈላለየ መልክዓት ክምዘን ንቡር'ዩ። ብኽምኡ መልክዕ ክምዘን ዝገብሮ ምኽንያት፡ እቲ ዝመራመር ኣካል ዝኽተሎ ኣቀያይሳ ዝተፈላለየ ስለ ዝኸውን'ዩ። ኮይኑ ግን፡ እቲ ከም ወድዓዊ ኮይኑ ክቕርብ ዝበቅዕ ገምጋም፡ ካብ ክሊ ታሪኻዊ ሓቅታት ከይወጻእካ እትበጽሖ መደምደምታ ክኸውን ምስ ዝኽእል ጥራሕ'ዩ። ብኽም'ዚ ኣገባብ ዝብጻሕ መደምደምታ ከኣ ስነ-ፍልጠታዊ ምዃኑ ንኣምን።

ካብ ትርጉም ትሕዝቶ ናይ'ቶም ልዕል ኢሎም ተጠቒሶም ዘለዉ ብምንቃል፡ ፖለቲካዊ ክውንነት ኤርትራ እንታይ ይመስል ኢልና ሕቶ ከነልዕል ወድዓዊ ይኸዉን። ብሕጽር ዝበለ፡ ፖለቲካዊ ክውንነት ኤርትራ ብክልተ ገጻቱ ክንርእዮ ንግደድ። ምኽንያቱ ክልቲኦም ነንሕድሕዶም ዝመላልኡን ዝመጋገቡን ብምዃኖም'ዩ። እቲ ሓደ ሃለዋት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ህዝቢ ኤርትራን ተቓወምቲ ሓይልታቱን ዝምልከት'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተበታቲኑ ናብ ጉጅላዊ ውዳቤታት ከንቆልቁል ይርከብ ኣሎ። ብካልእ ኣገላልጻ፡ ካብ ኣውራጃ ናብ ወረዳ፡ ካብ ዓዲ ናብ እንዳ፡ ካብ ዓሌት ናብ ጸበብቲ ማይቤታት ተመቓቒሉ ክጎጃጀል ንርእዮ ኣለና። እዚ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት መዋእለ ስልጣኖም ንምንዋሕ ክብሉ ካብ ዝኽተልዎን ዘተግብርዎን ልሙድ ኣሰራርሓ ምዃኑ፡ ካብ ኩልና ክስወር ዘይክእል ታሪኽ ዝመስከሮ ሓቂ'ዩ። ይኹን'ምበር፡ እዚ ኣሰራርሓ'ዚ ኣብ ሕብረተሰብ ስዒቡ ዝሓድጎ ኣሉታዊ ጽልዋታትን ኣሰራትን ብፉጹም ኣየገድሶምን። ምልካውያን ስርዓታት ኣብ ዘልገስሉ መዋእል ድማ፡ ካብ'ቶም ጎሊሖም ዝረኣዩ ኣሉታውያን ሳዕቤናት ኮይኖም፡ ኣብ መንጎ ማሕበራዊ ኣካላት ህዝቢ ናይ ዘይምትእምማን ጠባያትን መንፈሳትን ኣስሪጾም፡ ንነዊሕ መዋእል ፍታሕ ክናደየሎም ኣጸገምቲ ኮይኖም ዝርከቡ እዮም።

ተግባራት ምልካውያን ስርዓታት ንሕብረተሰብ ኣብ ሃይማኖታውን ዓሌታውን ኣውራጃውን ከፋፊልካ ግዛእ ዝብል ኣምር ዘትኮረ ምስ ዝኸውን፡ ሳዕቤናቱ እቲ ዝበኣሰን ዝተሓላለኸን ኮይኑ ይርከብ። ዋላ'ኳ ኣዕናዊ ፍጻሜታትን፡ ግፍዓዊ ተግባራትን ሓባራዊ ረቛሒ ባህርያት መብዛሕትኦም ምልካውያን እንተኾኑ፡ ዝኽተልዎ ስልትታት ግን ዝተፈለለየን ነንበይኑን ክኸውን ይኽእል'ዩ። ንኣብነት፡ ኩሎም ምስ ርእይቶኦም ንዘይሳነ ርእይቶ ክህሉ ኣብ ዘይምፍቃድ ይራኸቡ'ዮም። ነገር ግን ኩሎም ንህዝቢ ኣጥምዮም ከም ጅሆ ክሕዝዎ ኣይርከቡን። ገሊኦም ንፕሮፓጋንዳዊ ሃልኪ ክብሉ ኣብ ግዜኦም ብልጽግና ንክዕምብብ ክጽዕሩ ይረኣዩ እዮም። ካብ'ዚ፡ ምስ'ቲ ኩሉ ህዝቢ ቺለ ዝተመኮሮ ጭቆናን ዝሓለፎ ሕሱም መነባብሮን፡ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ኣጎስቲኖ ፒኖሸ፡ ሃገረ ቺለ (ደቡብ ኣመሪካ) ግዙፍ ቁጠባዊ ዕብየት ኣመዝጊቡ ተባሂሉ ዝንገረሉ ምዃኑ ክንጠቅስ ንኽእል ኢና። ብኣንጻሩ ካልኦት ምልካውያን ንህዝቢ ብዝኸፈአ መልክዑ ብኣፉን ከብዱን ክሕዝዎ ይርከቡ። ብካልእ ኣገላልጻ እዚ ማለት፡ ዝተዛረበ ይእሰር ፍትሒ'ውን ኣይረክብን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ክሳብ'ውን ኣሰሩ ክርከበሉ ብዘይክእል ኣገባብ ምቕታልን ምስዋርን ኣብነታዊ ሕላገቶም ኮይኑ ይርከብ።
ኣብ'ዚ እቲ ዘሕዝን፡ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት "ህግደፍ"፡ ካብ'ቶም ኣብ ትሕቲ ካልኣይ ኣገላልጻ ምልካውያን ስርዓታት ዝስርዑ ኮይኑ ምርካቡ'ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ እንሆ ህዝብና ብከብዱ ዝተቐጽዐን ብኣፉ ዝተለጎመን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ዓለም ካብ'ቶም ኣድማሳዊ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላቶም ዝተነፍጉ ውሑዳት ኣህዛብ ዓለምና፡ ዝተሓተ መስርዕ ሒዙ ይርከብ።

ምልስ ኢልና ህዝቢ ኤርትራን ተቓውሞን ምስ እንርኢ ድማ፡ ህዝብና ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብሰንኪ ግጉይን ኣዕናውን ፖሊሲታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታቱ ኣዚዩ ከፊኡ ብጥምየትን ዓጸቦን ክሳቐ ይርከብ ምህላዉ ንምልከት። ብፖለቲካዊ ዓይኒ ምስ እንዕዘቦ ድማ፡ ብዝኸፍአ መልክዑ ተጎጃጂሉ ብምርካቡ ምኽንያት፡ መሰሉ ንምርግጋጽ ኣብ ቃልሲ ከበርክቶ ዝኽእል ሞራላውን ነገራውን ዓቕምታት ብጣዕሚ ድሩት ክኸውን ከም ዝኽእል መብርሂ ኣየድልየናን። ምኽንያቱ ኤርትራዊ ዜጋ እጃሙ ንከየልዕል፡ ስርዓት "ህግደፍ" ጨካን ብዝኾነ ማሕበራውን ቁጠባውን ፖለቲካውን ጸጥታውን ፖሊሲታት ሓኒቕዎ ስለ ዘሎ'ዩ። ወጻኢ ካብ'ቲ ንሱ ዝሓንጸጾ መደባት ንዝሰርሕ ንሕሲያ ብዘይብሉ እናጨፍጨፈ፡ ኩሉ ግዜ ብዛዕባ መሰላቱ ንከይሓስብ ኣብ ማሕበራዊ ሽግራቱ ከም ዝጥሕል ገይሩዎ ይርከብ። ከም'ቲ ኩልና እንፈልጦ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ብረታዊ ሓርነታዊ ተጋድሎ ተሸኪሙ ብምጽንሑ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ድሮ ናጽነት

ዝነበሮ ድኽነት፡ ፖሊሲታት “ህግደፍ” ዘስዓቦ ድኽነት ተደሪብዎ ይርከብ። ህዝብና ሃገሩ ናጻ ኣብ ዝኾነትሉ ግዜ፡ ጻማ ቃልሱ ክረክብ ወሰን ዘይብሉ ተስፋ ኣንቢሩ ነይሩ’ዩ። ድሕሪ ናጽነት ግን ዝነበሮ ተስፋ ሕልሚ ኮይኑ ተሪፉ’ዩ። ኣብ ክንዲ ኣፍራዩ ኮይኑ ነብሱ ዝኽእል፡ ተጸባዪ ናይ’ቶም ተሰዲዶም ዘለዉ ደቁን ኣዝማዱን ኮይኑ ይርከብ።

እዞም ኩሎም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ኣሉታታት፡ ኣብ ቃልሲ ተቓወምቲ ሓይልታት ከንጸባርቑ ናይ ግድን’ዩ። ኣብ ርእሲ’ቲ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ምልካዊ ስርዓት ዘጋጥሞ ዘሎ ኣስካሕካሒ ሰብኣውን ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት፡ ኣቓልቦን ተደናጋጽነትን ሕብረተሰብ ዓለም ከይረኸበ ጸኒሑ። ከም ውጽኢት ናይ’ቶም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ጠንቅታት፡ ኣብ ፖለቲካዊ ዓውዲ ቃልሲ ዘለዉ ሓይልታት ተቓውሞ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዘዳኽም ፖለቲካዊ ባእታ ኮይኖም ክርከቡ ኣይበቕዑን። ብቐጥታ ኣይኹን ደኣ’ምበር፡ ብኢዳዙር ሓደስቲ ውድባት ብቐጻሊ ኣብ ምርባሕ ጊደ ኣይነበሮን ኢልካ ክድምደም ስለ ዘይከኣል፡ ኣብቲ ምድኻሞም’ውን ጽልዋ ነይሩዎ ክበሃል ዝከኣል’ዩ።

ኣብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ዓቕምታቱ ንምጥርናፍ ሓድሽ ምዕራፍ ክኸፍት ምሕሳቡን ተበግሶ ምውሳዱን፡ ብጣዕሚ ኣወንታዊ ጅማሮ ምዃኑ ብወድዕነት ክረአ ዝግባእ ኢዩ። እዚ ፖለቲካዊ መስርሕ’ዚ፡ ከም ኣጋጣሚ ስርዓት “ህግደፍ” ብዓለም ደረጃ ዓብዩ ተነጽሎ ኣብ ዘጋጠሞ ግዜ ምኽሳቱ ድማ፡ ተደራቢ ኣገዳስነት የልብሶ። ብመንጽር’ዚ ክንሪኦ እንከለና እምበኣር፡ እቲ ኣብ ነሓሰ 2010 ዝተጋበአ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዓብዩ ምዕራፍ ዝሕዝ ምዃኑ ንጠራጠረሉ የብልናን።

እዚ ዋዕላ’ዚ ፖሊሲታት ስርዓት “ህግደፍ” ዘስዓቦም እዋናውያን ሽግራት ኤርትራ ፍታሕ ንምርካብ ዝሓለነ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ርግኣትን ማሕበራዊ ምትሕቛቛፍን ብምስራጽ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሰላምን ቅሳነትን ዘስተማቕረላ ሃገር መታን ክንሃንጽ፡ ንሽግራትና ጠንቂ ክኾኑ ዝኽእሉ ረቛሒታት ኣብ ምንጻርን ምልላይን ንመጀመርታ ግዜ ብግሉጽነት ዓሚቕ ክትዓት ዝተኻየደሉ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ብምዃኑ’ዩ።

እዚ መስርሕ’ዚ ንመፈለምታ ንኣትዎ ዘለና ብምዃኑ፡ ጉድለታት ክርከቦ ባህሪያዊ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ምስ ዝርከብ’ውን ክንቅበሎ ዘለና’ዩ። ዋላ ጉድለት እንተሃለዎ’ውን፡ ዓቕሙ ካብ ዘፍቅደሉ ንላዕሊ ከመዝግብ ምጽባይ፡ ኣብ ባይታ ንዘሎ ሓቂ ምዝላል ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ክህሉዎ ኣይክእልን’ዩ። ካብ’ዚ ብምብጋስ ኣፍና መሊእና ተዓዊቱ ክንብል’ዩ ዘለና። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ድሕሪ ዓመት ዝጋባእ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብምሉእ ሓይሉ ክቃለሰሉን ክዕጠቐሉን ምዃኑ የረጋግጽ። ኩሎም ኣብ’ቲ ዋዕላ ተሳቲፎም ዝነበሩን ዘይነበሩን ኤርትራውያን፡ ተሳተፍቲ ኮይኖም ክርከቡን ኣወንታዊ ተርኦም ክጻወቱን ድማ ምሉእ ተስፋ ኣለና።

## ደምዳሚ ኣዋጅ
## 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ፡

ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ 10 ክሳብ 16 ጥቅምቲ 2010 ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ። ኣብ ጸብጻባት ሰክረታርያ ባይቶን ፈጻሚ ኣካልን ጠቕላላ ተቐጻጸርን፡ ከምኡ’ውን ብዛዕባ መጻኢ ሃገራዊ ጉባኤን፡ ኣብ ዓውደ ፖለቲካ ኤርትራ ክኽሰቱ ዝኽእሉ ፖለቲካዊ ምዕባለታትን፡ መጻኢ ዕድል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ዓሚቕ ምይይጣት ኣካይዱ።
ማእከላይ ባይቶ፡ ኣብ’ቶም ጸብጻባት ተሞርኲሱ፡ እቲ ኣብ ኩሉ ውድባዊ ደረጃታት ዝተረጋገጸ ምርግጋእ፡ ኣብ ውድባዊ ኣሰራርሓ ብኣወንታ ከም ዘንጸባረቐን፡ ኣብ ገለ ድማ ናይ ኣሰራርሓ ጉድለታት ከም ዝተረኣዩን መዚኑ። ኣብ ጸብጻባት ዓሚቕ ምይይጥን ገምጋምን ድሕሪ ምክያድ፡ ኣድለይቲ ምምሕያሻት ጌሩ፡ ብሙሉእ ድምጺ ኣጽዲቕዎ። ኣብ እዋናዊ ጉዳያት ኣገደስቲ ውሳኔታት ወሲኑ። እዋናዊ ውጥናት ሓንጺጹ።

እዋናዊ ውሳኔታትን ውጥናትን ምፍጻምን፡ ኣብ ኩለ መዳያት ቃልሲ ግደ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ምዕዛዝን፡ ኩሎም ኣባላት ውድብ ግደታቶም ከደንፍዑ ጸዊዑ። ኣብ እተፈላለዩ መድረኻት ተጋድሎ፡ ኣውራ ድማ ኣብ ጽንኩር ኩነታት ግደ ኣባላት ውድብ ንኢዱ።

ማእከላይ ባይቶ፡ ምስ ኩሎም ፖለቲካውን በርጌሳውን ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ገድላዊ ዝምድናታቱ ንምዕዛዝ፡ ካእባውን ብዙሓውን ዝምድና ንምምዕባል ክዓዩ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ብመሰረት ስምምዕ ክልቲኡ ውድባት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን፡ ጸረ ስርዓት ህግደፍ ዘቕነዐ ወተሃደራዊ ምውህሃድ ክብ ንምባል ክጽዕትን፡ ምስ’ቶም ካልኦት ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለዎም ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ወተሃደራዊ ምውህሃድ ንምትግባር ከዓዩን ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ማእከላይ ባይቶ፡ ኣብ ታሪኽ ህዝብናን፡ ኣብዚ ወሳኒ መድረኽን፡ ሃገራዊ ዋዕላ ምክያድን ምዕዋትን ኣዝዩ ኣገዳሲ ሃገራዊ ፍጻመ ስለዝኾነ፡ ንቕሎ ዕቱብን ሓላፍነታውን ቀጻልን ሃገራዊ ዘተ ምዃኑ መዚኑ። ኣጀንዳታት ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ሃገራዊ ሓድነትን፡ መሳርሒ ለውጥን፡ መሰጋገሪ መድረኽን፡ ሃገራዊ ቻርተርን ዘተኮሩ ነበሩ። ኣብ ሞንጎ

ኤርትራውያን  ፍትሓዊ ምምቕራሕ ስልጣንን ሃብትን፡ ምዕሩይ ልምዓትን፡ ባህሊ ዘተ ምስራጽን፡ ሕድሕድ ምክብባርን ዝኣመሰሉ ሃገራዊ ጉዳያት፡ ማዕረ'ቲ ሃገራዊ ሓድነት ስለዝኾነ፡ ኣድላይነት ዘተታት ምዕሟቕ ይርእይ። ካብዚ ብምብጋስ፡ መታን ናብ ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ንምብጻሕ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ምስ ሃገራዊት ኮምሽን ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ክተሓባበር ምዃኑ ቅሩብነቱ የረጋግጽ። ስለዝኾነ ድማ ኩሎም ፖለቲካውን በርጌሳውን ሃገራዊ ሓይልታት ብቐዳምነት ከኣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሃገራዊ ረብሓታት ብምቕዳም፡ መጻኢ ሃገራዊ ጉባኤ ምእንቲ ተዓዋታይ ክኸውን፡ ሕድሕዳዊ ዝምድናታት ንምዕዛዝን፡ ምስ ሃገራዊት ኮምሽን ምትሕብባርን፡ ዝተጸንዐ ዲፕሎማስያዊ ዝተወሃሃደ ወፈራታት ንምክያድን ጸዊዑ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብዝፍጽሞ ዘሎ ቀጻሊ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን፡ ዋሕዚ ስደት መንእሰያትን ጥምየትን፡ ንመጻኢ ዕድል ህዝብና ብዝህድድ መንገዲ ይዛይድ ምህላዉ ገምጊሙ። እዚ ከኣ ንሃገርና ናብ ሕንፍሽፍሽን ምብትታንን ዘምርሕ ሰለዝኾነ ስግኣቱ ገሊጹ። ስለዚ ፖለቲካውን በርጌሳውን ኩላህና ተቓለስቲ ሃገራዊ ሓይልታት፡ ብውጽኢት ግጉይ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንሃገርና ኣንጸላልዩዋ ዘሎ ሓደጋ ንምብዳህ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝብናን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብን፡ ማዕረ'ቲ ብድሆታት ክንከውን ንጥለብ ምህላውና ኣረጋጊጹ።

ማእከላይ ባይቶ፡ ዕጡቕ ሓይልታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን፡ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ስለያ ስርዓት ህግደፍ ንዝፈጸምዎ ሓባራዊ ጅግንነታዊ ስርሒት ንኢዱ። ከምኡ'ውን ጭቁናት ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ዲሞክራስያዊ ለውጢ እጃሞም ንምብርካት ኣብ ጎኒ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቦም ደው ክብሉ ጸዊዑ። ኮምኡውን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝብና ኣብ ዝባኑ ንዝተጻዕነ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕ ክልዓል ጸዊዑ።

ማእከላይ ባይቶ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ኣብ ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ዝወሰኖ እገዳ ቁጽሪ 1907 ክትግብሮ ጸዊዑ። ነተን ዝትግብራኦ ዘሎዋ ሃገራት ድማ ኣሞጒሱ።

ማእከላይ ባይቶ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ብሓፈሻ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን ብፍላይ፡ ንባህሪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍን ህዝብና ኣብ ትሕቲኡ  ዘሕልፎ ዘሎ ስቅያትን እናተረድእዎ ብምምጽኦም፡ ንተደላይነት ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ዝህብዎ ዘሎዉ ኣድህቦ መጎሱ ገሊጹ።

ማእከላይ ባይቶ፡ ምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎርም ብሓፈሻ፡ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ጎኒ ፍትሓውን ርትዓውን ደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብና ብምስላፍ  ንዘበርክትዎ ዘሎዉ ደገፍ ሞጎሱ ገሊጹ።

ኩሎም ሓይልታት ፈተውቲ ሰላምን ደሞክራስን ኣብ ጎኒ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብና ደው ክብሉን ተገዲዶም ሃገሮም ንዝገድፉ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ክሕግዙን፡ ናይ ፖለቲካን ሕልናን እሱራት ንምፍታሕ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ተጽዕኖታቶም ከዛይዱን ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ ሰክረታርያ ባይቶን ፈጻሚ ኣካልን ጠቕላላ ተቐጻጻርን ብደምክራስያዊ
ኣገባብ ብምምራጽ ኣኼባኡ ዛዚሙ።

ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!
ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና!!
ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ!!
16 ጥቅምቲ 2010

## መግለጺ
## ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
## ብኣጋጣሚ ዝኽሪ መበል 49 ዓመት
## ባሕቲ መስከረም ንቕሎ ሰውራ ኤርትራ፡

ባሕቲ መስከረም ኣብ መበል 49 ዓመቱ፡ ኣብ ከርሱ ተጋድሎን ጽንዓትን ተስፋን እንተላይ ስቅያት ህዝቢ ኤርትራ ሓቝፉ ተቐልቂሉ ኣሎ። ህዝብና ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ጅግና ስዉእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ብጾቱን ንዝተሰከምዎ ሰንደቕ ናጽነት፡ ድሕሪ 30 ዓመታት ተጋድሎ ጸረ ኢትዮጵያዊ መግዛእቲ ስርዓታት ሃይለ ስላሴን ደርግን፡ ኣብ 24 ግንቦት 1991 ሽቶኡ ብምጒንጻፍ፡ ሃገራዊ ናጽነት ኣረጋጊጹ።

ህዝብና ዓሰርተው ትሽዓተ ዓመታት ምረትን ስቅያትን ምምዝባልን ካብ መዋእል መግዛእቲ ዘይንእስ ካብ 1991 ክሳብ 2010 ኣብ ናጻ ኤርትራ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣሕሊፉ ኣሎ። ህዝብና ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ

ከፊሉ ኣብ ዘረጋገጸ ናጽነት ዉሕስነት ሂወትን፡ ሰላምን፡ ምርግጋእን፡ ደሞክራስን፡ ሰብኣዊ መሰላትን፡ ጠቕላላ ሓርነታትን ስኢኑ። እቲ ኣዝዩ ዘጉሂ ድማ ህዝቢ ኤርትራ፡ በቶም ኣብ መዋእል ሃገራዊ ቃልሲ ንናጽነት ዝዓንገሎምን፡ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ድሙቕ ግደ ዝነበሮምን፡ ሽግ ናጽነት ዝወልዑን ደቁ ማእለያ ዘይብሉ ኩሉ ዓይነት ጭቆናን ኣድልዎን ግህሰታት ሰብኣዊ ክብርን ይሳቐ ምህላዉ'ዩ።

ንሕና፡ ብዛዕባ ዲክታቶርያዊ መርሓን ብዕሉግ ስነ ምግባርን ህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት እንብሎ ሓድሽ ነገር የብልናን። ምኽንያቱ ኤርትራውያን ኩላቶም ባህርን ኣሰራርሓን ስነ ምግባርን ገዛኢ ስርዓት ፈሊጦምዎ ስለዘሎዉ። እንኮላይ ንህዝብታት ጎረባብቲ ሃገራትን ዓለምን ፍሉጥ ኮይኑ ስለዘሎ። ስለዝኾነ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጽሞ ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን፡ ግህሰታት ሲቪላውን ሃይማኖታውን ሓርነታትን፡ ንሃገርና ናብ ሰንጐት ደቃ ምቕያርን፡ ጅምላዊ ስደት መንእሰያትን ብዘሰንብድ ቅሉዕ ኮይኑ ስለዘሎ እንውስኾ ምስጢር የብልናን።

በዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ'ዚ ደጊምና ከነረጋግጾ እንደልዮ መሰረታዊ ሓቂ ኣሎ። ንሱ ድማ ኣብ ውሽጢ 30 ዓመታት ህዝባዊ ተጋድሎ ካብ ህዝብን ደቁን ብጅግንነት ዝተሰዉኡሉ ደሞክራስን ሰላምን ምዕሩይ ሃገራዊ ልምዓትን ምምቕራሕ ስልጣንን ሃብትን ውሕስነት መሰል ሂወትን፡ ልዕልና ሕግን፡ ህዝባዊ ልዑላውነትን፡ ቀንዲ ኣዕኑድ ሃገራዊ ናጽነት ዝኾኑ ዕላማታት ባሕቲ መስከረም ኣይተረጋገጹን።

ካብ ፖለቲካውን ሲቪላውን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ነቶም ተኾሊፎም ዝተረፉ ደሞክራስያዊ ዕላማታት ባሕቲ መስከረም ንምርግጋጽ፡ ብዛዕባ ንህዝብናን ሃገርናን ኣንጸላልይዎ ዘሎ ሓደጋ ምብትታን ንምግታእ፡ ግዜ ከይሓለፈ እንከሎ ኣብ ግልጽነት ዘትከለ ኣድማዒ ስትራተጅን ስልትን ኣፈጻጽማን ምሕንጻጽ የድሊ።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ምብትታን ኣብ ምግታእ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ምክያድን ምዕዋትን ከም ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚትን ኣገዳሲ ኣልያን ጌሩ ይወስዶ። ከምኡ'ውን ህልዊ ሃገራዊ ብድሆታት ንምብዳህ፡ ኣብ ክሊ ሃገር ሓቆፍ ስትራተጂ ዕቱብ ተጋድሎ ምብራኽ ከም ዘድሊ ይኣምን። ናይ ህዝብናን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ኩሉ ገድላዊ ዓቕምታቶም ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ክቐንዕ ክኽእልን፡ ኣካይዳታት ቃልሲ ንምዕዛዝን፡ ተቓለስቲ ሃገራዊ ሓይልታት ናብ ደረጃ ሃገራዊ ሓላፍነት ንምድያብን፡ እተፈላለዩ ጻዕርታት ኤርትራዊ ሓይልታት ተቓውሞ ምጥርናፍ መድረኻዊ እዋናዊ ጠለብ'ዩ። እዚ ብግብሪ ክዉን ንኽኸውን ድማ እቲ ግዜን ዓቕምታትን ዘባኽን፡ ካልኣዊ ፍልልያትን ምትንኳላትን ንጎኒ ምግዳፍ መድረኻዊ ተደላይነት'ውን'ዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ምእንቲ ድሕነት ህዝብናን፡ ንመጻኢ ወለዶ ጥጡሕ ባይታ ምንጻፍን፡ ጻዕርታት ሓይልታት ተቓውሞ ንምጥርናፍን ምዕዛዝን ቅድመ ግንባር ከም ዝሰለፍን ኣድላይ መስዋእቲ ከም ዝኸፍልን የረጋግጽ። መጻኢ ዓመት፡ ኩሉ ክፍልታት ህዝብናን ፖለቲካውን ሲቪላውን ንቓባውን ሓይልታትን፡ ሕብረተ ሰብኣዊ ኣካላትን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን፡ ዝሳተፉዎ ሃገራዊ ጉባኤ ምዕዋት፡ ካብ'ቲ መድረኻዊ ጠለብን ተደላይነትን ዝፍለ ኣይኮነን።

ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ምውዳቕን ደሞክራስያዊ ለውጢ ምርግጋጽን፡ ሸኽምን ሓላፍነትን ኣብ መንኮብ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ዝተጻዓነ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ሞንጎኣቶምን ዝተፈላለዩ ክፍልታት ህዝብናን ተደጋጋፊ ገድላዊ ዕማም'ዩ። ስለዝኾነ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምውዳቕን ደሞክራስያዊ ለውጢ ምርግጋጽን ብቐዳምነት ዕማም ተቓለስቲ ሃገራዊ ሓይልታትን ህዝብን ኤርትራ'ዩ።

ካብዚ ብምብጋስ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝርከብ ህዝብና ደሞክራስያዊ ዕላማታቱ ንምርግጋጽ ኣብ ጎኒ ተቓውሞ ሓይልታት ክስለፍን ግዲኡ ከበርኽን ይጽውዕ። ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ መስከረም ሰውራ ዝፈጠረን ዘይካኣል ዝመስል ዝነበረ ሃገራዊ ናጽነት ዘረጋገጸን ህዝብና፡ ሕጂ'ውን መሳርዕ ተቓውሞ ሓይልታቱ ንምጥርናፍ ሓያልን ኣድማዕን ጸቕጢ ከም ዝገብርን፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ከውድቕን፡ ኣብ ሃገሩ ደሞክራስያዊ ሃዋህው ከሰፍንን ከም ዝኽእል ይተኣማመን።

ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!
ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና!!
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ባሕቲ መስከረም 2010

# ዜናታት ግሃድኤ

## ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ
## 3ይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ፡

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ካብ 3-5 ጥቅምቲ 2010፡ 3ይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣሰላሲሉ። ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ኣብዚ ንሰለስተ መዓልቲ ዘካየዶ ውዕሎ ብኣድህቦን ብዕምቆትን ዘተኮረሉም ኣርእስተ ጉዳያት፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን፡ ውድባዊ ንጥፈታት፡ ብዛዕባ ናይ ሓባር ጽላልና ዝኾነ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ኮሚሽን ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ዘትዩ ውሳኔታት ብምሕላፍ ኣኼብኡ ዛዚሙ።
ፈጻሚ ኣካል፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ፡ ሎሚ ኣብ ሃገርና ዝርአ ዘሎ ኩሉ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ካብ እዋን ናብ እዋን ዝማሓየሽ ዘይኮነስ ናብ ዝኸፍአ ደልሃመት ዝሽመም ዘሎ ሃገር ከደን፡ ገደብ ኣልቦ ሕሰመ-መከራ፡ ኣብ ዘይጽወር ብርኪ ብምብጽሑ ዕድመ ብዘይፈሊ ኩሉ ኤርትራዊ ብፍላይ መንእሰያትን ኣባላት ሰራዊትን ብዝለዓለ ናህሪ ማዓልታዊ ናብ ስደት ዝውሕዝሉ ዘሎ ግዜ  ተበጺሑ ከምዘሎ መዚኑ። እዚ ከኣ ብሰንኪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝኽተሎ ዘሎ ግጉይ ፖሊሲ ምኽኑ እዋሓሰ-ግብእ ዘድልዮ ጉዳይ ከምዘይኮነ ርእዩ። ስርዓት ህግደፍ ንውሽጣዊ ቅልውላዋቱ ግዳማዊ ንምምሳል ዝህቅኖ ዘሎ ኩሉ ምትንኻላትን ተጻብኦታትን ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ተነጽሎ ዘድሕኖ ኣይኮነን። ስለዚ እዚ ኣብ ባይታ ዝርአ ዘሎ ኣሰካፊ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ንምድሓንን ንምውሓስን ቅድሚ ኩሉ ንዓና ንኤርትራውያን ስለዝምልከት ብዘይ ውዓል-ሕደር ዓገብ፡ ይኣኽለካ፡ በቃ ስርዓት ህግደፍ ኢልና ሓመድ ድበኡ ከነቀላጥፎን ክንቀጽዮን ዝግባእ እዋናዊ ጠለብ ናይ ብህዝቡን ሃገሩን ዝግደስ ኤርትራዊ ምኻኑ ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ዘካየዶ መበል ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣገንዚቡ።

ፈጻሚ ኣካል፡ ኣብ ውድባዊ ንጥፈታት ኣመልኪቱ ብሕድሕድ ቤት ጽሕፈታቱ ዝቐረበ ኩለመዳያዊ ጸብጻባት ብዝርዝር ሰሚዑን መዚኑን። ኣብቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ብኣወንታ ዝተራእዩ ብዝበለጸ ክቕጽሉ፡ ገለ ብድኽመት ዝተራእዩ ከኣ ኅልቢቶም ክእረሙን ክማሓየሹን ርእዩ። ብተወሳኺ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንዘርኣይዎ ውድባዊ ንጥፈታትን ተወፋይነትን፡ ኮምኡ'ውን መስርሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ምስ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት /ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሰልፍታት፡ ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ውልቀሰባት፡ .../ ብምትሕብባር ክሳብ መዛዘሚ ዋዕላ ዘካየድዎ ዘይሕለል ሓባራዊ ሓያል ደሞክራስያዊ ጻዕሪ ኣሞጒሱ።
ፈጻሚ ኣካል፡ ዕዮታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክዕወት ዝኽእል ብናይ ኣባል ውድባቱ እኩብ ድምርን ሓባራዊ ውሁድ ንጥፈታትን ምኻኑ ብምእማን፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኪዳን ንምሕያል ኣበርቲዑ ክሰርሕ ምኻኑ፡ ኮምኡውን ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ ኮሚሽን ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንክዕወት ካብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝጥለብ ዘበለ ኩሉ ንምምላእ ብንጥፈት ክዓዪ ምኻኑ ኣረጋጊጹ።

## ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ
## 2ይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ፡

ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ዕለት 10-16 ጥቅምቲ 2010 ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣሰላሲሉ። ማእከላይ ባይቶ፡ ኣብ ፈላሚ ውዕሎ ኣኼባኡ፡ ናይ ኣባላቱ ሰፊሕ ደሞክራስያዊ ሱታፌ ንምርግጋጽ፡ ንኣባላት ባይቶ ኣብ ሰለስተ ዓውደ ምይይጣት ዘከፋፍል ኣሳላጢ ሓዲሽ ኣሰራርሓ ኣተኣታትዩ። ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ ኣብቲ መኽፈቲ ዕለት ኣብ ሰለስተ ዓውደ ምይይጣት ተኸፋፊሎም፡ ኣብ ጸብጻባት ሰክረታርያ ባይቶን ፈጻሚ ኣካልን ብዛዕባ ኣንፈታት መጻኢ ፖለቲካዊ ምዕባለታትን ዝተዳለዉ ወረቓቕትን፡ ካልኦት ኣገደስቲ ጉዳያትን ብዝምልከት ብዕምቆት ተመያይጦምን ገምጊሞምን።
ማእከላይ ባይቶ፡ ብዕለት 10 ጥቅምቲ 2010 ኣብ ሰለስተ ዓውደ ምይይጣት ተኸፋፊሉ፡ ነፍሲ ወከፍ ዓውደ ምይይጥ ኣብ ዕዮታቱ ሰፊሕን ዓሚቕን ምይይጣት ብምግባር፡ ጠቓሚ ገምጋም ኣካይዱ። ሰለስቲኡ ዓውደ ምይይጣት ገምጋማቱ ኣብ ሓደ ሙሉእ መዓልቲ ውሽጢ ኣሳሊጡ፡ ሕቶታትን ጽሟቕ ገምጋምን ብምሓዝ ናብቲ ካብ 11 ጥቅምቲ 2010 ጀሚሩ ዝቐጸለ  ናይ ሓባር ኣጠቓላሊ ውዕሎታት ተኣትዩ።
ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ካብ 11 ጥቅምቲ 2010 ውዕሎታቱ ቀጺሉ፡ ኣብ ጸብጻባት ሰክረታርያ ባይቶን ፈጻሚ ኣካልን ዓሚቕ ምይይጣት ድሕሪ ምክያድ፡ ኣድላዪ ምምሕያሻት'ውን ብምትእትታው ብሱል ገምጋም ኣካይዱ።
ማእከላይ ባይቶ፡ ሰክረታርያ ባይቶ፡  ንፈጻሚ ኣካል ኣብ ኣፈጻጽማ ውሳኔታት ማእከላይ ባይቶ ግቡእ ምክትታል ከካይድን፡ ንኣባላት ባይቶ'ውን ኣብ ምፍጻም ውድባዊ መደባት ከወሃህድ ምጽናሑን ገምጊሙ።

ማእከላይ ባይቶ፡ ፈጻሚ ኣካል ኣብ ክሊ ውድባዊ ሂወት ማለት ፖለቲካውን፡ ውደባውን፡ ዲፕሎማስያውን፡ ቁጠባውን ዜናውን፡ ጸጥታውን ወተሃደራውን መዳያት ጭቡጥ ዝኾነ ኣገደስቲ ስጉምትታት ምምዝጋቡ መዚኑ። ከምኡ'ውን ኣብ ኣፈጻጽማ ገለ መደባት ዝተኸሰቱ ሕጽረታት ምንባሮም ርእዩ።
ማእከላይ ባይቶ፡ ጸብጻባት ሰክረታያ ባይቶ ብሙልእ ድምጺ ከጽድቕ እንከሎ፡ ኣብ ጸብጻባት ፈጻሚ ኣካል ኣድለይቲ ምምሕያሻት ብምክያድ ብሙሉእ ድምጺ ኣጽዲቕዎ።

ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ ኣብ ቀጻሊ መዓልታት ውዕሎታቱ፡ ኣብ ዓውደ ኤርትራዊ ፖለቲካ ክኽሰቱ ናይ ዝኽእሉ ምዕባለታት ኣንፈታት ብዝምልከት፡ ፈጻሚ ኣካል ዘቕረቦ ተንታን ወረቐት መበገሲ ገይሩ ዓሚቕ ምይይጣት ድሕሪ ምክያዱ ብሙሉእ ድምጺ ኣጽዲቕዎ።

ማእከላይ ባይቶ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ነሓሰ 2010 ዝተጋበአ ሃገራዊ ዋዕላ ዕዉትን፡ ኣብ መስርሕ ኤርትራዊ ተቓውሞ ዝበረኸን፡ ኣብ ተሞኩሮ ኤርትራዊ ዘተ ዝሰፈሐ ዓውዲ ዘተን ምንባሩ ገምጊሙ። ከምኡ'ውን ንመሰረታዊ ኣዕኑድ ሃገራዊ ሓድነትን፡ ዝህድድዎ ሓደጋታትን ዘለለየ ብምኳኑ ኣብ ምውሓስ ሃገራዊ ሓድነት ጽቡቕ ስጉምቲ ንቕድሚት ምኳኑ መዚኑ።
ማእከላይ ባይቶ፡ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝብናን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፣ ካልኦት ፖለቲካዊ፣ ሲቪላዊ፣ መራሕቲ ሃይማኖታትን ሃገራዊ ባእታታትን ሃገራዊ ሓይልታትን፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንምዕዋት ዘካየድዎ ቃልስታት ንኢዱ።

ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ መጻኢ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት፡ ምስ ሃገራዊ ኮምሽን ኣብ ኩለ መዳያት ቃልሲ፡ መጻኢ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከም ቀንዲ እዋናዊ ቀዳምነታት ብምውሳድ፡ ኣድላዪ ፖለቲካውን መንፈሳውን ምድላዋት ክግበርን፡ ካብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ሃገራዊ ዋዕላ ንምዕዋት፡ ምስ ካልኦት መሓዙት ሃገራዊ ሓይልታት ብምትሕብባር ዝተቓለሶ ብዝተዓጻጸፈ ክቃለስን ክቕረብን ምኳኑ ኣረጋጊጹ። ብተወሳኺ ዓቕምታት ሃገራዊ ሓይልታት ተቓውሞ ጸረ ስርዓት ህግደፍ ንምስላፍ፡ ምስ መሓዙት ኣባል ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ሲቪላውን ካልኦት ፖለቲካዊ ሃገራዊ ሓይልታትን ገድላዊ ዝምድናታት ንምዕዛዝ ኣበርቲዑ ክጽዕት ምኳኑ ኣረጋጊጹ። ከምኡ'ውን ግሃድኤ ምስ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለወን መሓዙት ሓይልታት ብሓፈሻ፡ ምስ ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ድማ ብፍላይ፡ ብመሰረት ፖሊሲ ወተሃደራዊ ምውህሃድ፡ ወተሃደራዊ ዓቕሚታቱ ንምውህሃድ ዝያዳ ጻዕርታት ከካይድ ምኳኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ኣብ መወዳእታ ሰክረታርያ ባይቶን ፈጻሚ ኣካልን ጠቕላላ ተቐጻጻርን ብደምክራስያዊ ኣገባብ ብምምራጽ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ዛዚሙ።

ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ኩሉ ውድባውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ዓበይቲ መኸሰባት ዝተመዝገበሉን፡ ከምኡ'ውን ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ሲቭል ማሕበራትን ካልኦት ተቓለስቲ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ሃገራዊ ዋዕላ ብምዕዋቱ፡ ኣብ ጎደና ሃገራዊ ጉባኤ ከኣ ንምዕዋት ዝምርሻሉን፡ ስርዓት ህግደፍ መሓውራቱ ዝምህምነሉን ዘሎ ኩነታት ብምክያዱ፡ ኣወንታዊ ናይ ቃልሲ ሃዋህው ከቢብዎ ይርከብ።

## ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ
## 4ይ ስሩዕ ኣኼባኡ ዛዚሙ፡

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ 22-23 ጥቅምቲ 2010 ራብዓይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣሰላሲሉ። ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፡ ነቲ ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣብ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ንዓመተ 2010-2011 ዝሓንጸጾም ሓደ ዓመታዊ ውጥን መደባት ምርኩስ ብምግባር፡ ናይ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት ቀዳምነታት ብምስራዕ ዝርዝር ኣፈጻጽማኡን ዝፍጸመሉ ናይ ግዜ መቓንን ኣነጺሩ።

ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፡ ነቲ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተነጸረ ውድባዊ መስመር ኣበርቲዑ ንምቕጻል፡ ናይ ነዊሕ ግዜ ይኹን ቀረባ ግዜ፡ ሕሉፍ ካልኣዊ ግርጭታት ብምስጋር፡ ኩሉ ገድላዊ ዓቕምታቱ ኣብ ረብሓ ደሞክራስያዊ ዕላማ ህዝብና ንምውዓል፡ ካብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝጥለብ ገድላዊ ግደ ንምፍጻም ሓኒኑን ዓቕምታቱ ወዲቡን ጸሚዱን ክቃለስ ምኳኑ ኣረጋጊጹ።

ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፡ ነቲ ብሓልዮት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተኻየደ ዕዉት ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ቀጻሊ መድረኻዊ ዕማሙ ከምዘይተወደአ ብምርዳእን፡ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምዕዋት'ውን ዘለዎ ረዚን ሓላፍነትን ግደን ኣብ ጸብጻብ ብምእታውን፡ ነቲ ተነቢርሉ ዘሎ ሓላፍነት ንምፍጻም ሃገራዊ ኮሚሽን ንዝሕንጽጾም መደባት ከም ኣካል መደባት ግሃድኤ ብምቑጻር፡ ኣብ ምትግባሩ ከም ቀደሙ ብዘይተጉላባነት ተጊሁ ክሰርሕ ምኳኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ኮምኡ'ውን ተወጢኑ ንዘሎ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት፡ ኣብ ህዝብና ጥጡሕ ባይታ ኣብ ምፍጣርን ኣብ ውድብና ድማ ሓያል ውድባዊ ቅሩብነት ንምድላውን ምስ ሃገራዊ ኮምሽን ዘድሊ ኩለ መዳያዊ ምትሕብባር ክገብር ምኳኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።
ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፡ መሳርዕ ተቓውሞ ሓይልታት ንምጥርናፍን ኩለመዳያዊ ገድላዊ ዓቕምታት ጸረ ስርዓት ህግደፍ ንምቕናዕን፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ምስ ኩሎም ፖለቲካውን ሲቪላውን ሃገራዊ ተቓለስቲ

ሓይልታት ኤርትራ ብፍቱሕነትን ግሉጽነትን ካብ ሕሉፍ መንፈስ ኣሉታዊ ነጸብራቓት ሓራ ኮይኑ፡ ባይታ ሓባራዊ ረቛሒታት ኣብ ምድልዳልን ብዝተሓተ ሓባራዊ ምርድዳእ ኣብ ምዕዛዝን ኣበርቲዑ ክቃለስ'ዩ።

ፈጻሚ ኣካል፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዘመዝገቦ ዲፕሎማስያዊ ተቐባልነት ንምዕቃብን ናብ ዝለዓለ ደረጃኡ ንምብራኽን ብዘገልግል መንገዲ ንመሪሕነታዊ ዓቕምታቱ ብዝበለጸ ወዲቡ ምህላዉ ኣብ ዘካየዶ ራብዓይ ስሩዕ ኣኼብኡ ገሊጹ።

## ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት
## ልኡኽ ግሃድኤ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡

ኣዲስ ኣበባ፡ ናይ ብዙሓት ሃገራት ኤምባሲታት ኤውሮጳ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኮምኡ'ዉን ሃገራት ኣዕራብ፡ ኣፍሪቃን፡ ኢስያን ዝሓቖፈት ኣብ ልዕሊ ምዃና፡ ብተወሳኺ መደበር ሕብረት ኣፍሪቃን ካልኦት ኣገደስቲ ኣህጉራውን ዞባውን፡ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ዘማእከለት ርእሰ ከተማ ስለ ዝኾነት፡ መነሃርያ ዓለምለኻዊ ዲፕሎማስያዊ ርክባት ዝካየደላ ኣገዳሲት ከተማ እያ።

በዚ መሰረት ተጋ. ኣሕመድ ናስር ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ምስ ተጋ/ ዩሱፍ ብርሃኑ ሓላፊ ወጻኢ ዝምድናታት ግሃድኤ፡ ብሓባር ዝተመርሐ ጉጅለ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ካብ 15 መስከረም 2010 ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ጥቅምቲ 2010፡ ምስ ዝተፋላለያ ኤምባሲታትን ኣህጉራዊ ትካላትን ሰብኣዊ ማሕበራትን ቀጻሊ ርክባት ከካይድ ጸኒሑን ይቕጽሎ ኣሎን።
ልኡኽ ግሃድኤ፡ ኣብ ርክቡ ቀንዲ ዕማሙ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣብ ምቕላዕን፡ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘካይድዎ ዘለዉ ዘይሕለል ቃልሲ ኣብ ምሕባርን ምብራህን ዝዓለመ ምንባሩ ኣብ ጸብጻቡ ገሊጹ።
ልኡኽ ግሃድኤ፡ ኣብ ወፍሩ ካብ ዲፕሎማስያዊ ዓውድታት ክግንዘቦ ከምዝኸኣለ፡ ውጽኢት ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ሰፊሕ ኣቓልቦን ተቐባልነትን ኣሕዲሩ ከም ዘሎን፡ ምስሌነታት ዝተፈላለያ ሃገራት ብተገዳስነት ይከታተልዎ ከም ዘለዉን ዘመላኽት ከምዝኾነ ተገንዚቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ነታ ኣብ ዋዕላ ዝተመረጸት (51+2=) ብ53 ዜጋታት ዝቖመት ሃገራዊት ኮሚሽን፡ ኣብ ምስልሳል ሃገራዊ ዕማማታ ዝሕግዝ ፖለቲካውን ማተርያላውን ደገፍ ክግበረላ፡ ልኡኽ ግሃድኤ ንዝቐረቦ ጠለብ ዘተስፉ መልሲ ክርከብ ምኽኣሉ ተሓቢሩ። እዚ ከኣ ንቃልሲ ተቓውሞና ፍናን ዝህብን፡ ቃልስና ዝያዳ ከነናሃህሮ ዘተባብዕን ምዃኑ ልኡኽ ግሃድኤ ኣሚቱ።
ጉዳይ እገዳ ብዝምልከት፡ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ነቲ ንሱ ዘጽደቖ ውሳኔ ተተግብር ሸማግለ ድሕሪ ምቛሙ፡ ልኡኽ ግሃድኤ ኣብ ዘካየዶ ርክብ ኣገዳስን ጠቓምን ምንባሩ ተገሊጹ። ሽሕ እኳ ነቲ ውሳኔ እተተግብር ሸማግለ ዕማማ ቅድሚ ውሑድ ኣዋርሕ ትጀምሮ ደኣ'ምበር፡ እቲ ጉዳይ ብዕቱብነት ተታሓሒዛቶ ከምዘላ ልኡኽ ግሃድኤ ክግንዘብ ክኢሉ እዩ።
ምስ'ዚ እተን ተቓወምቲ ውድባት ወታሃደራዊ ዓቕምታተን ክብ ከብላን፡ ካብ'ዚ ሰጊረን ተዋሃሂደን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ዘርዕድን ስንብራት ዝገድፍን ስጉምትታት ክወስዳን፡ ከምኡ'ውን ነዚ ዝያዳ ንምሕያል ተበጺሑ ዘሎ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ስምምዕ፡ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ምቅልጣፍ ሓደ ካብ'ቲ ዝምረጽ ኣገባብ ቃልሲ ምዃኑ ብምምልካት፡ ልኡኽ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ዑደቱ ካብ ዘስመረሎም ኣገደስቲ ዛዕባታት ምንባሩ ተሓቢሩ።
ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ሰፊሕ ዲፕሎማስያዊ ርክባት፡ መንእሰያት ኤርትራውያን ንስደት ከምርሖ እንክለዉ ይኹን፡ ኣብ ተሰዲዶም ዝርከቡለን ሃገራት ዝገጥሞም ዘሎ ማእለያ ዘይብሉ ሽግራት ብዝምልከት፡ ልኡኽ ግሃድኤ ምስ ዝተራኸቦም ኣካላት ኩሎም፡ ከም ነጥቢ ኣጀንዳ ብምልዓል ብዝርዝር ክዝተየሎም ከምዝገበረ ተሓቢሩ። ልኡኽ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ዘካየዶ ርክባት ዘቕረቦም ሃገራዊ ኣጀንዳታት፡ ብክልቲኡ ሸነኻት ብዕምቆትን ተገዳስነትን ዝተዘርበሎም ጉዳያት ኰይኖም ምርካቦም፡ እቲ ዝተኻየደ ርክባት ብሓፈሻ ኣወንታዊ ውጽኢት ከም ዘመዝገበ ዘመላኽት ምዃኑ ልኡኽ ግሃድኤ ኣብ ጸብጻቡ ሓቢሩ።

# ዜናታት ካብ ውሽጢ ኤርትራ

## ኣብ ከተማ ተሰነይ
## ድኻናት ተሃጊሮም፡

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ ድኳን ከፊቶም ሳንቲም ጓል ሳንቲም ኣትሪፎም ናብርኦም ይመርሑን ስድርኦም ይጥውሩን ንዝነበሩ ኤርትራውያን፡ ናይ ውልቀ ድኻናት ብኣልማማ ንክዕጸዉ መምርሒ ከምዝወረደን ኩሉ ብሕታዊ ኣብያተ ድኻናት ከኣ ብኣስገዳድ ኣገልገልቲ እቲ ስርዓት ብ29 መስከረም 2010 ከምዝተዓጽወን ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ከተማ ተሰነይ ሓቢሮም።

እቶም ወነንቲ ድኻናት ስለምንታይ ድኳንና ክዕጸ ኮይኑ? እንታይ ክንሰርሕ ትደልዩና? ዝብል ሕቶ ምስ ኣቕረቡ ካብቶም ኣፈጸምቲ ኣካላት ዝተዋህበ መልሲ ብዘይ ሕንከት ነናብ መበቆል ዓድኹም ተመሊሽኩም ትኸዱ ዝብል መልሲ ከምዝተዋህቦም ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ወሲኾም ሓቢሮም።

ሕጊ ኣልቦ ስርዓት ኢሰያስ፡ በቲ ሓደ ወገን ግዱድ ሰፈራ እንዳካየደ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ናብ መበቆል ቦታኹም ተመሊሽኩም ትኸዱ ምባልከ ነንሕድሕዱ ዝገራጮ ዶ ኣይኮነን? ዝብል ርእይቶ ንዘቕረቡ ውልቀ ሰባት ከቢድ መጠንቀቕታ ይወሃቦም ከምዘሎ ምንጭታትና ሓቢሮም።

## ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ
## ኣእምሮ ህጻናት ይሰልብ ኣሎ፡

ኣብ ሰንደለውሎው በጺሑ ዘሎ ስርዓት ኢሰያስ ካብ ዓብይትን መንእሰያትን ተስፋ ምስ ቆረጸ፡ ዕድመ ስልጣኑ ከይትብተኽ ሰጊኡ ገለ መለቀብታን መናውሕን እንተረኸበ ትሕቲ ዕድመን መዓንጣ ዘይቆጸሩ ህጻናትን ካብ ሕቑፎ ኣዴታቶም መንጢሉ ብስም ዓድኹምን ከባቢኹምን ክትሕልዉ ዝብል ጉልባብ ምልሻ ገይሩ ከዐስክሮም ጀሚሩ ኣሎ። ብጭቡጥ ኣብ ከባቢ ምብራቓዊ ገማግም ቀይሕ ባሕርን ከባቢ ሃዘሞን እሙናት ኣገልገልቲ ናይቲ ስርዓት ተዋፊሮም ገዛ-ገዛ እንዳዘሩ ትሕቲ ዕድመ ህጻናት ብሓይሊ መንዚዖም የሰልፉ ከምዘለዉ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከካብ ከባቢኡ ይሕብሩ ኣለዉ።

ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውዒሎም ቀለም ኣብ ክንዲ ምቕሳም፡ ብረት ኣዕጢቕካ ኣብ ወተሃደራዊ ዕርድታትን ጎዳጉድን ክውዕሉ ምግባር ካብ ሓደ ንዜጋታቱ ዝሓሊ ጥዕና ዘለዎ ስርዓት ትጽበዮ ተግባር ኣይኮነን። ስርዓት ኢሰያስ ዘይንቡርን ዘይግቡእን ተግባራት ኣብ ልዕሊ ትሕቲ ዕድመ ህጻናት ይፍጽም ኣሎ። እዚ ከኣ ሓላፍነት ዝጎደሎን ጸረ-ሰብኣዊ መሰላትን እዩ።

ስርዓት ኢሰያስ ኣእምሮ ዓበይቲ ምስላብ ኣብ ዘብቅዓሉ ዘሎ ግዜ መተካእታ ንምርካብ ዝሃቀነ ሓንጎል ህጻናት ንምቁጽጻር ዘካይዶ ዘሎ ገበን ምእኹኑ ተፈሊጡ ማሕበረሰብ ዓለምን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትንን ብትሪ ዓገብ ክብልዎን ክቃወምዎን ይግባእ።

## ወድኺ ሃዲሙ ተባሂላ
## ዝተቐትለት ኣደ፡

ቃሚሻ ዑመር ሓሚድ ዝተባህለት ኤርትራዊት ኣደ፡ ተቐማጢት ደንጎሎ ባሶ (ከባቢ ከተማ ጊንዳዕ) ወድኺ ካብ ኣገልግሎት ሃዲሙ ብዝብል ምስምስ ንክልተ ወርሒ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ስርዓት ህግደፍ ተቐይዳ ድሕሪ ምጽናሓ ብ29 መስከረም 2010 ካብ ቤት ማሕዩር ተለቒቓ ንዓዳ እንዳኸደት ከላ ኣገልገልቲ ናይቲ ስርዓት ኣብ መንገዲ ሰዒቦም ብጥይት ከምዝቐተልዋ እሙናት ምንጭታትና ሓቢሮም።

ከምቲ "ቀታሊ ሰብ፡ ቀቲሉስ ኣብ ቀብሩ ይውዕል" ዝባሃል፡ እቶም ጨካናት ኣገልገልቲ ስርዓት ህግደፍ ንኣረሜናዊ ተግባሮም ሰብ ዘይረኣዮም መሲልዎም ብዛዕባ ኣማውታኣ ብፍጹም ኣፍልጦ የብልናን። ባዕሎም ቀቲሎም፡ ቀታሊኣ ኣይንፈልጥን ከምዝበሉ ካብቲ ከባቢ ተሓቢሩ።

እዛ መስክነይቲ ኣደ ንክልተ ወርሒ ዝኣክል ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝተሳቐየትሉ ምኽንያት ድማ ወድኺ ካብ ግዱድ ዕስክርና ሃዲሙ ዝብል እዩ። ብሰንኪ እዚ ግዱድ ዕስክርና  ብኣማኢት ዝቑጸሩ መንእሰያት ማዓልቲ-ማዓልቲ ዝፈትውዋ ሃገሮም ራሕሪሖም ናብ ስደት ይውሕዙ ኣለዉ።

እዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ብስርዓት ህግደፍ ዝፍጸም ዘሎ ገደብ ኣልቦ ግፍዒ ካብ እዋን ናብ እዋን ይገድድ ከምዘሎ ምንጭታትና ይሕብሩ ኣለዉ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ብሓባር፡ ነዚ ብስርዓት ህግደፍ፡ ዝፍጸም ዘሎ ፖለቲካውን፡ ቁጠባውን፡ ማሕበራውን፡ ባህላውን፡ ግህሰታት ከቃልዑን ክኲንኑን ይግባእ።

## ኣብ ከተማ ኣስመራ
## መሸጣ ሰብ ከምዝካየድ ተሓቢሩ፡

ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ብጉልባብ ስንቂ ንሰራዊት ሓንቲ ዓባይ ናይ ጽዕነት መኪና ብቴንዳ ዝተሸፈነት ኮይና ብሓደ ወተሃደራዊ ኮረኔል ስርዓት ህግደፍ "ስንቂ ንሰራዊት" ዝጸዓነት ዝብል ፍቓድ ወጺኡላ ካብ ከተማ ኣስመራ ናብ ተሰነይ ገጻ ከምዝተበገሰት፡ ኣብ ጉዕዞኣ መራሒ እታ መኪና እቲ ብኮረኔል ዝተጻሕፈ መንቀሳቐሲ ወረቐት እንዳርኣየ ንኩሉ ተፍትሽ ዝካየደሉ ቦታታት ብዘይ ገለ ጸገም ሓሊፉ ብሎኮ ከተማ ተሰነይ ይበጽሕ። ኣብዚ'ውን ዝተጻሕፈሉ ኣርእዩ ይሓልፍ። ኮይኑ ግን ምስ ሓለፈ ኣብኡ ዝነበሩ ኣባላት ፍላንሳ ጠርጢሮም ሓንቲ ላንድክሩዘር መኪና ኣበጊሶም ነታ ናይ ጽዕነት ብዓልቲ ፍቓድ ዝተባህለት መኪና ክስዕብዋ ብናህሪ ይሕምበቡ። እንተኾነ ከይሰዓብዋ ናይ ምግልባጥ ሓደጋ ከምዘጋጠሞም ምንጭታት ካብቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ምንጭታትና ወሲኾም ከምዝሓበርዎ ድሕሪ እታ ላንድክሩዘር መንገዲ ስሒታ ምግልባጣ እታ ስንቂ ሰራዊት ጽዒና ዝተባህለት ናይ ጽዕነት ዓባይ መኪና ጉዕዞኣ  ንሱዳን ገጻ ትሕምፈፍ ኣብ ዝነበረትሉ ሰዓት ኩነታት ተቐያይሩ ኣብ ከባቢ ተሰነይ ካብ ዝርከብ መደበር ሰራዊት ብመኪናን ብሄሊኮብተርን ተሓጊዙ ዝተንቀሳቐሰ ሓይሊ፡ እታ ናይ ጽዕነት መኪና ኣብ ጥቃ ዶብ ሱዳን ዓሊ ጋራዳ ዝተባህለ ቦታ ኣርኪቦም ከምዝሓዝዋ ተሓቢሩ።

ድሕሪ'ዚ ኣብታ ናይ ጽዕነት መኪና ተሸፊኑ ስንቂ ንሰራዊት ተባሂሉ ተጻዒኑ ዝነበረ፡ ስንቂ ንሰራዊት ዘይኮነስ፡ ልዕሊ ሓደ ሚኢቲ ዝኾኑ ትምህርቶም ዝወድኡ መንእሰያት ተማሃሮ ኤርትራውያን ተጸፍጺፎም ከምዝነበሩ፡ ብድሕሪኡ ተታሒዞም ናበይ ከምዝተወስዱ እንታይ ከምዝኾኑ ክሳብ ሎሚ ሃላዋቶም ገና ከምዘይተፈልጠ፡ እንተ እቲ ስንቂ ሰራዊት ተባሂሉ ካብ ኣስመራ ምብጋሶም ኣሽሓት ዶላራት ንኣዛብእ ሰብ ጽሩራ ስርዓት ህግደፍ ከፊሎም ዝተማህዘ ጉልባብ መሸጣ ሰብ'ዩ ክብሉ እሙናት ምንጭታት ሓቢሮም።

## ስርዓት ህግደፍ
## ኣብ ሕድሕዱ ይታሓማተል፡

ኣብዚ ወርሒ ጥቅምቲ 8 ኣባላት ጸጥታ ስርዓት ህግደፍ ብሓደጋ ከምዝመቱ፡ እዚ ከኣ  ብ9 ጥቅምቲ 2010 ኣብ ሞንጎ ኣደባራን ሚሊላን መኪና ሒዞም ንሓለዋ ይንቀሳቐሱ ኣብ ዝነበርሉ ግዜ ብዝተቐብረ ፈንጂ መኪንኦም ተሃሪማ ከምዝመቱ፡ እንተኾነ ግን ነቲ ኩነታት ኮነ ኢሎም ካልኦት ኣባላት ስለያ ናይቲ ስርዓት ኣዳዕዲዮም ዘዋደድዎ ፍጻመ ቅትለት ከምዝነበረ ኣብቲ ከባቢ መዛረቢ ኮይኑ ከምዘሎ ምንጭታት ሓቢሮም። እዚ ከእ ባህርያት ናይቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ እምነት ዘጉደለሉ ኣባሉ ከምዚ ዓይነት ጨካን ንሕስያ ዘይብሉ ሕድሕዳዊ ምትሕምታልን ምቅንጻልን መለለይኡ ምዃኑ ይፍለጥ ክብሉ ሓቢሮም።